THE UNIVERSITY OF QUEENSLAND
AUSTRALIA

# ኣውስትራሊያ ናይ መስፈር ምጥያሽ ዘለኻ ተመኵሮ

*ብናይ ኣውስትራሊያ መንግሥቲ ሆም አፈርስ ጉዳይ መምርሒ ገንዘብ ሓገዝ ይግበር*

## ናይ ተሳታፋይ መረዳእታ መውሃቢ ወረቐቲ- ብማሕበረሰብ ስደተኛ ውህደትን ሰፈራ መኸታተሊ ምርሖ ስደተኛታት (ብተለፎን መጽናዕቲን ቃለሕቶ)

**ናይ ዩኒቨርስቲ ኲውንስላንድ ተመራመርቲ:-** ተሓባባሪ ፕሮፈሰርስ ጀንይ ፖሽት፤ ሳራ-ኣን ቡርገር፤ ስተፋኔ ኮክ፤ ዶ/ር ረኔ ሊ፤ ዶ/ር ማሪን ኦ’ሃሀርትይ፤ ዶ/ር ቻርሎተ ዮንግ፤ ዶ/ር ሉትፉን ናሃርላታ፤ ተሓባባሪ ፕሮፈሰር ገርሃርድ ሆሥታዴር፤ ዶ/ር ማካረ ሳን ማርቲን ፖርተር፤ኒኪታ ሻርማ፤ ሶፊ ኣውስተርበርይ፤ መሊንድይ በሎቲ፤ ኢልዛበት ከነድይ፤ ኢድሙንድ ካንሚኪ፤ ስይሊስታህ ጋዳም፤ ኢላሀ ኒኮፋት ጻለሂ፤ ሳይድ ጃይዳሪፋርድ፤ አስማ ዙልፊጋር፤ ኢርያና ኮለስኒኮቫ፤ ኖር ዮሰፍ፤ ጊና ኑታል፤ ፕሮፈሰር ቲም ረደል፤ ፕሮፈሰር ጃኒን ባስተር፤
**ንስድራቤት መጽናዕቲ ተመራመርቲ ናይ ኣውስትራሊያ ትካል:** ካርሊ ኦ'ዶኔል, ዶ/ር ሲን ማርቲን
**ናይ ኣውስትራሊያ ሃገራዊ ዩኒቨርሲቲ:** ተሓባባራይ ፕሮፈሰር ቤን ኤድዋርድስ

በዚ መጽናዕቲ ንዘለኻ ድሌት የቐንየለይ። በጃኻ ብዛዕባ መጽናዕቲ ዘሎ መረዳእታ ኣንብቦ ስለዙይ ክትሳተፍ ምውሳን ትኽእል እንተኾይኑ እሞ ዝኾነ ሕቶ እንተሃልዩካ ኣዘራርበና።

### እቲ መጽናዕቲ ብዛዕባ እንታይ እዩ?

ኣብ ኣውስትራሊያ ሰፈራ ክትጣየሽ እንከሎ በዝረኸብካዮ ደገፍ ንዘለኻ ተመኵሮ ክንርዳእ ንደሊ ኢና። ኣይኑ ሥራሕ ጽቡቕን እንታይ መምሕያሽ ክግበር ከምዘድሊ ክንፈልጥ ንደሊ ኢና።

### በቲ መጽናዕቲ ተሳታፋይ ምኳን ኣለኒ’ዶ?

በቲ መጽናዕቲ ተሳታፋይ ንምኳን ብፍቓድኻ እዩ። በቲ መጽናዕቲ ክትሳተፍ ድሌት እንተዘይሃልዩካ፤ ክትሳተፍ የብልካን። ንዘይምስታፍ ድሌትካ እንተኾይኑ ምስቲ መምርሒ ርክብ ወይኻዓ ምስ ማሕበረሰብ ትረኽቦ ደገፍ ጸገም ከምዘይፍጠር እዩ።

### እንታይ ክገብር ኣለኒ?

ነዚ ተሳታፋይ መረዳእታ ወረቐቲ መርበብ ምርካብ ድሕሪ 1 ሰሙን ከባቢ ንስኻን ኻልኦት ጉርዞ ኣባል ስድራኻ ካብ እዳጋ መጽናዕቲ ኩባንያ፤ ማክኔር/McNair ነቲ መጽናዕቲ ክሓቱኻ በቲ ትደልዮ ቛንቛ ዝዛረብ ወይኻዓ ኣስተርጓማይ ብምጥቓም ስልኪ ይድውለልካ እዩ። ናይ 30-ደቒቕ መጽናዕቲ ሕቶታት ብስልኪ ኄርካ መልሲ ትህብ እሞ ድሕሪ 9 ኣዋርሒ ዝኸውን ሓደሓደ ብዝበለጸ ሕቶታት ክሓቱ እንዳጋና የዘራርቡኻ እዮም። ብናትኻ ማመልከቻ ዝተውሃበ ሓደሓደ መረዳእታ ብናትኻ መጽናዕቲ ትህቦ መልሲታት ንምውሳኽ ንጥቐመሉ ኢና። ንናትኻ ዝርዝር ኣድራሻ ንክትህብ ንሓተካ ስለዙይ በቲ ቐጻላይ መጽናዕቲ ክንረኽበካ ንኽእል። ነቲ ዝተረኽበ ሓጺር መግለጺ እንተደሊኻ ንሓተኻ እሞ በቲ ቃለሕቶ ምስታፍ ድሌት ከምዘለካ ንሓተኻ። ቍሩብ ስድራታት ጥራይ እዮም ዝምረጹ።

### ንቃለሕቶ እንተተመሪጸ እንታይ ይግበር?

ስድራኻ እንተተመሪጹ፤ ብኢሜል ዕደመ ጻውኢትን ናይ ስምምዕነት መውሃቢ ቅጥዒ ድሕሪ ቃለሕቶ መጽናዕቲ ናብ 1 ወርሒ ዝኸውን ይልኣኽልካ እዩ። ቐጻላይ ዝኾኖ ቃለሕቶ ዝኻየድ ድሕሪ ቀዳማይ ቃለሕቶ ናብ 9 ወርሒ ይኸውን። በቲ ስምምዕነት መውሃቢ ቅጥዒ ብምፍራም፤ ብኢሜል/ጽሑፋዊ መልእክቲ ጌርካ ምልኣኽ ወይኻዓ ስልኪ ደዊልካ ክትነግረና ትኽእል። እቲ ቃለሕቶ ናብ 45 ደቓይቕ ዝኸውን ወይኻዓ ብኣስተርጓማይ ክሳብ 90 ደቓይቕ ይወስድ። ነቲ ቃለሕቶ ብቪዲዮ (ንኣብነት፡ ብዙም/Zoom ወይ ብቲምስ/Teams) ጌርና ወይኻዓ ብተለፎን ጌርና ከምኡ'ውን ነቲ ቃለሕቶ ዝገብር ኣይኑ ጾታ ጓል ወይ ወዲ ከምትደሊ ናትኻ ምርጫ እዩ። እንተተስማሚእኻ ካብ ቃለሕቶ ዘሎ ድምጺ ሪኮርዲ ንገብሮ። ብዙም/Zoom ወይ ብቲምስ/Teams ትጥቐም እንተኾይኑ እቲ ድምጺ ጥራይ እዩ ሪኮርዲ ተጌሩ ዝቕመጥ።

**ኣነ ተሳታፋይ ንምኳን ዘድልዮ ጠቕሜታ ንምንታይ እዩ?**
ኣብ ኣውስትራሊያ ብሰብዓዊነት ንዝመጹ ስደተኛታት ሰፈራ ንክማሓየሽ ብመርመራ ዝተረኽበ ውጽኢት ይሕግዘና እዩ።

**ንኣይ ዝኾነ ዝጠቕም ኣለው'ዶ?**
ብቐጥታ ንኣኻ ረብሓ ጥቕሚ የብሉን፤ የግዳስ ንኻልኦት ስደተኛታት ብዘሎ ሰፈራ ከይዲ ንክማሃየሽ ትሕግዝ ኢኻ።

**በዚ መጽናዕቲ ተሳትፎ ከምዝገበርኹ መን እዩ ዝፈልጥ?**
ተሳትፎ ከምዝገበርካ ዝፈልጥ ናይ ዩኒቨርሲቲ ኵውንስላንድ ጥራይ እዩ። ናትኻ ማሕበረሰብ ሓጋዚ ጕጅለ እንተዘይነጊርካዮም ኣይፈልጡን እዮም።

**ናዓይ ዝፈጥሮ ዝኾነ ጸገም ኣሎ'ድዩ?**
ተሳትፎ ብምግባር ዝመጽእ ጸገም ውሑድ እዩ። ኣብ ኣውስትራሊያ ሰፈራ ምጥያሽ ዝረኸብካዮ ተመኵሮ ብምዝራብ ዘይምቹውነት ክስማኣኻ ይኽእል ይኸውን። ዘይምቾዎካ ዝኾነ ሕቶ እንተኾይኑ መልሲ ምሃብ ኣየድሊን። ምስ እቲ ሕቶ ዘይምቹውነት እንተሃልዩካ እቲ ቃለሕቶ ዝገብር እንተፈሊጡ ነቲ ሕቶ ክሓልፎ ይኽእል ይኸውን። እዋን ቃለሕቶ መሓዛ ክሕግዘካ ምሕታት ከምትኽእል እሞ ናትኻ ምቹውነት ንኣና ኣድላይ እዩ።

**ብዛዕባ ናተይ መረዳእታ እንታይ ከምዝፍጠር?**
ናትኻ ብሕታዊ መረዳእታ ኩሉ (ንኣብነት፡ ናትኻ ስም፤ ዝርዝር ኣድራሻ) ብምስጢር ይዕቐብ እዩ። ናትኻ መጽናዕቲን ቃለሕቶ ጭቡጥ መረዳእታ ሪኮርድ ከምዝግበርን ፍሉይ ዝበለ መለለዪ (ID) ከምዝጥቐምን ብናትኻ ዩኒቨርሲቲ ኵውንስላንድ ድሕንነት ዘለዎ ብሕታዊ ናይ መጽናዕቲ መርመራ ጭቡጥ መረዳእታ ኣተሓሕዛ ሜላ (UQRDM) ከምኡ'ውን ከም ሸለል ብዘይብል ኣጠቓቕማ ኣገባብ መሰረት ከምዝኾነ እዩ። ነዚ ጭቡጥ መረዳእታ ብናይ ፕሮጀክቲ መራሒ ተቐባልነት ዘለዎ ሰብ ጥራይ ክጥቐመሉ ከምዝኽእል እዩ። ናትኻ መጽናዕቲን ቃለሕቶ ጭቡጥ መረዳእታ ብናይ ሆም ኣፈርስ ጕዳይ መምርሒ (ንኣብነት፡ ትምህርቲ) ዝተኣኸበ ጭቡጥ መረዳእታ ይተሓሓዝ እዩ፤ ይኹን እምበር ዋላ ተሳታፋይ ወይ ዘይተሳተፈ እንተኾይንካ ናትኻ ጭቡጥ መረዳእታ ኣይውሓብን እዩ። ንናትኻ ቃለሕቶ ጭቡጥ መረዳእታ ንሆም ኣፈርስ ጕዳይ መምርሒ ብቐጥታ ኣይውሃብን ወይኻዓ በቲ መጽናዕቲ ቃለሕቶ ተሳታፋይ ወይ ዘይተሳተፈ ምኳንካ ኣይፍለጥን እዩ።

THE UNIVERSITY OF QUEENSLAND AUSTRALIA

ናትኻ ምኺኑ ዘይገልጽ ናይ መጽናዕቲን ቃለሕቶ ጭቡጥ መረዳእታ ብዛዕባ እቲ መጽናዕቲ ውጽኢት ክትጽሕፍ እንከሎ ብሓባር ምስ ኻልኦት ተሳተፍቲ ጭቡጥ መረዳእታ ከምዝኻተት እሞ ካብቲ ውጽዒት ናይ መን ምኺኑ ለሊኻ ምፍላጥ ኣይትኽእልን ኢኻ። ነቲ ውጽኢት እቲ ናይ ፕሮጀክቲ ጉጅለ ብዝተፈላለየ መገዲ ማለት ከም ብስዕሊ ምልክታ፤ ብኣኼባ ዚቐርብን ብሪፖርቲ ዘኣመሰለ የቕርቦ። ከምኡ'ውን እቲ ውጽኢት ንቕድሚት መርመራን መማሃሪ ጉዳይ ክጠቕም ይኽእል ይኽውን። እዚ ፕሮጀክቲ ክውሳእ እንከሎ ናይ መንነቱ ዘይፍለጥ ጭቡጥ መረዳእታ ብናይ ዩኒቨርሲቲ ጭቡጥ መረዳእታ ዚተዛመደ ፖሊሲ መሰረት ኣብ ቤተ መዝገብ ይቕመጥ።

### ካብቲ መጽናዕቲ ጠጠው ንምግባር እንተወሲነ እንታይ ይግበር?

ሓሳብካ እንተቐይርካ ኣብዝኾነ ግዘ ካብ ምስታፍ ጠጠው ክተብል (ንኻልኣይ መጽናዕቲ ወይ ቃለሕቶታት ዘኻተተ) ናጻ ከምዝኾንካን ምንም ምባል ከየድለየ ንፕሮጀክቲ ጉጅለ ክፈልጥ ምግባር። ተሳትፎ ንዘይምግባር ውሳነ በቲ ትረኽቦ ደገፍ ጸገም ከምዘይብሉ እዩ። ካብቲ ዝሓብካዮ ጭቡጥ መረዳእታ ውሽጢ ንዝኾነ ክስረዝ እንተደሊኻ፤ በጃኻ ነቲ ፕሮጀክቲ ጉጅለ ክፈልጥ ምግባር እሞ ካብቲ መጽናዕቲ መዓዝ ትወጸሉ ግዘ ተበጊሶም ነቲ ጭቡጥ መረዳእታ ከውጽእዎ ይኽእሉ ይኽውን።

### ብዛዕባ እዚ መጽናዕቲ መርመራ ውጽኢት ክሰማእ እኽእል'ዶ?

ናይዚ መጽናዕቲ ገምጋም ዝውዳእ ኣብ ሰነ/June 2025 ዓ.ም ከምዝኾነ እሞ ናይቲ ቐንዲ ውጽኢት ቅድሚ ናብ ሕዝባዊ ምቕራቡ ብናይ ሚኒስትራላዊ ተቐባልነት ክረኽብ ኣለዎ። ቕድሚ እቲ ቐንዲ ውጽኢት ሕትመት ምግባር ንናይ ውጽኢት ሓጺር መግለጺ ቅዳሕ ወረቐቲ የድልየኒ እንተኢሊኻ ይልኣኽልካ እዩ። ብዛዕባ እቲ ውጽኢት ዝኾነ ሕቶታት እንተሃልዩካ፤ በጃኻ ኣብ ዝኾነ ግዘ ንፕሮጀክቲ ጉጅለ ብኢሜል፤ crisp@uq.edu.au ኣዘራርብ ወይኻዓ ንፕሮጀክቲ ሓላፊ፤ እስተፊ ኩክ/, ብኢሜል sarahann.burger@uq.edu.au ወይኻዓ ብስልኪ 07 3443 1023 ጌርካ ኣዘራርብ።

### ብዛዕባ ፕሮጀክቲ ዝኾነ ሕቶ እንተሃልዩኒ ንመን እየ ከዘራርብ ዝኽእሎ?

እዚ መጽናዕቲ ዝኽተሎ መምርሒ ብሰብዓዊ መርመራ ንዘሎ ዓሌታዊ ኣተዓላልያ ባህሪ ብናይ ዩኒቨርሲቲ ኲውንስላንድን ሃገራዊ ዓሌታዊ ገምጋም ኣካይዳ ጽሑፋዊ መግለጺ ብምኽታል እዩ። ኣብዝኾነ ግዘ ነቲ ፕሮጀክቲ ጉጅለ ንክተዘራርብ ብጣዕሚ ቅቡልነት ኣለዎ ብኢሜል crisp@uq.edu.au, ወይኻዓ ነቲ ፕሮጀክቲ ሓላፊ፡ እስቴፊ ኩክ, ብኢሜል sarahann.burger@uq.edu.au ወይ ብስልኪ 07 3443 1023 ምድዋል። ብናይ ዩኒቨርሲቲ ገምጋምተሳትፎ ንዘይብሉ ሓላፊ ክተዘራርብ እንተደሊኻ ንዓሌታዊ መተሓባበሪ ብስልኪ +617 3365 3924 / +617 3443 1656 ወይ ብኢሜል፡ humanethics@research.uq.edu.au. ክተዘራርብ ትኽእል። ናይዚ መጽናዕቲ ዓሌታዊኡ መለለዩ ID ቍፅሪ: 2022/HE001057